jobcenter
team.arbeit.hamburg

# Wichtige Hinweise für die Anmietung einer Wohnung für leistungsberechtigte Personen nach dem SGB II

## ኣገዳሲ ሓበሬታ: ናይ ደገፉ ረብሓታት ንዝግብኦም ውልቀ-ሰባት : ብመሰረት መጽሓፍ ማሕበራዊ-ሕጊ ኮድ II[SGB II] ኣብ ጉዳይ ምክራይ መንበሪ-ገዛ

ዝኸበርክንን ዝኸበርኩምን ተገልገልቲ:

ሓድሽ መንበሪ-ገዛ ክትካረዩ ምስ እትምድቡ: **ቅድሚ ውዕል ክራይ-ገዛ ምግባርኩም**: መጀመርታ ክስዕብ ንዝኽእል ክፍሊታት (ንምሳሌ: መጎዓዓዚ ንብረት፣ ትሕጃ ክራይ-ገዛ፣ ወርሓዊ ወለድ ናይ ክራይ-ገዛ ክፍሊት) ክኽፈለልኩም ከም ዝኽእል ሓደ ናይ **ውሕስነት መረጋገጺ** ካብ ቤት ጽሕፈት ዕዮ (Jobcenter team.arbeit.hamburg) የድልየኩም። እዚ ዝወሃብ ናይ ውሕስነት መረጋገጺ: ብመሰረት እቲ (**ጌና ዘይተፈረመ**) ውዕል ክራይ-ገዛ ወይ ብመሰረት ጭቡጥ/ንጹር: ንክራይ ቅሩብ ዝኾነ ገዛ: ምርኩስ ብምግባር ይወሃብ።ብዛዕባ ነዚ ክትካረይዎ እትደልዩ መንበሪ-ገዛ ዝገልጽ ሰነድን፣ ነቲ ጌና ክታምኩም ዘየንበርኩምሉ ውዕል ክራይ-ገዛን ናብ ቤት ጽሕፈት ዕዮ - ጆብሰንተር (Jobcenter) ብምቅራብ: ናይ ውሕስነት መረጋገጺ: ንክወሃበኩም ትሓቱ።

ቅድሚ ውዕል ክራይ-ገዛ ምውዳእኩም: ንክትካረይዎ ትደልዩ **ገዛ: መጀመርታ ክትርእይዎ ይግባእ**።
ትካረይዎ ገዛ: ኣብ ሰብ ክነብሮ ዝኽእል ቅቡል ዝኾነ: ኩነታት ምህላዉ ኣረጋግጹ (ንምሳሌ: ናይ መታሓጻጸቢ ዘገልግል መሳርሒ፣ መስኮታት፣ መንደቕ፣ ለመምታ/ሓሳኩ ወይ ኣመዲታ) ከምኡ'ኸኣ ኣካራይ-ገዛ ኣብ ውዕል ክራይ-ገዛ / ኣብ ምልክታ ክራይ-ገዛ ኣስፈርዎ ንዘሎ ሓበሬታታት: ምስቲ ጭብጢ ዝኾነ ኩነት: ብመጠነ-ዝምድና ክሰማማዕ ይግባእ (ንምሳሌ: ምህላው ናይ ክሽነ ንብረት)።

**ብፍላይ** ንዕብየት ገዛ ብዘርኢ: ንዝተገልጸ ዕብየት ገዛ: ብሓቂ ምስቲ ብጭብጢ ዝተረጋገጸ ዕብየት ገዛ ይሰማማዕ ድዩ ከምኡ'ኸኣ ክረጋገጽ ዝግባእ እውን: ካልኦት ተቀማጦ ኣቀዲሞም ኣብኡ ይነብሩ'ዶ ወይ ልዕሊ ዓቀን ነበርቲ ኣለው'ዶ። ምስኡ'ውን ብኽብረትኩም: እቲ ኣብ ናይ ክራይ-ገዛ ምልክታ ዝተገልጸ ዋጋ ክራይ-ገዛ: ምስቲ ኣብቲ ውዕል ክራይ-ገዛ ሰፊሩ ዘሎ: ዝርዝር ዋጋ ክራይ-ገዛ ይሰማማዕ ድዩ: ኣይሰማማዕን ብምንጽጻር: ተወሳኺ ክፍሊት ዝሓዘ ኣገልግሎታት (ንምሳሌ: ናይ መኪና ደው መበሊ ቦታ፣ ተኸናኸንቲ ጃርዲን) ኣብ ውዕል ክራይ-ገዛ: ብዝርዝር ተገሊጹ ምኻኑ ምርግጋጽ።

ምስ ኣካራይ ገዛ ጸገም ምስ ዝህልወኩም: ተወከሱና ኢኹም። ካብዘን ኣብ ታሕቲ: ተዘርዚረን ዘለዋ: ማሕበር ተካረይቲ ገዛ: ናይ ሓገዝ ኣገልግሎት ክትረኽቡ ትኽእሉ። ቅድሚ ተጠቀምቲ እዚ ኣገልግሎት ምኻንኩም ግን: **መጀመርታ** ካብ ፈጻሚት/ፈጻሚ ጉዳይኩም: ናብ ማሕበር ተካረይቲ ገዛ ን ናይ ሓገዝ ኣገልግሎት: ክፍሊት: ክኽፈለልኩም ከም ዝከኣል ናይ ስምምዕ መረጋገጺ ንክዋሃበኩም ትሓቱ።

Mieterverein zu Hamburg / ማሕበር ተካረይቲ ሃምቡርግ
Beim Strohhause 20, 20097 Hamburg
Telefon: 040 - 879 79-0 / E-Mail: info@mieterverein-hamburg.de

Hamburger Mieterverein / ናይ ሃምቡርግ ማሕበር ተካረይቲ
Bartelsstraße 30, 20357 Hamburg
Telefon: 040 – 431 39 40 / E-Mail: info@mhmhamburg.de

Interessenverband Mieterschutz e.V. / ማሕበር ወከልቲ መሰል ተካረይቲ
Fuhlsbüttler Str. 108, 20305 Hamburg
Telefon: 040 – 690 74 73 / E-Mail: hamburg@iv-mieterschutz.de

ቤት ጽሕፈት ዕዮኩም: „Jobcenter team.arbeit.hamburg"

ዝተመስረተሉ: Februar 2016